# ሪፖርታጅ ፈስቲቫል ኤርትራ 2009
# ተቐማጦ ዓባይ ብሪጣንያ
# ኣብ ከተማ ለንደን ተኸፊቱ

**9ይ ፈስቲቫል ኤርትራውያን ተቐማጦ ዓባይ ብሪጣንያ ዓርቢ 3 ሓምለ 2009 ኣብ ከተማ ለንደን ኣብ Lee Vally, Leisure Centre ተኸፊቱ።**

**ኣብቲ ነጻ መስመርና ዋሕስ ልምዓት ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ዝካየድ ዘሎ ሰፊሕ ፈስቲቫል ካብ ዝተፈላለያ ከተማታት ዓዲ-እንግሊዝ ማለት ካብ በርሚንገሃም ማንቸስተር ሊድስ ሸፊልድ ሊቨርፑል ኤድንብራ ዝመጹ ኤርትራውያን ላዕለዋይ ልኡኽ መንግስቲ ኤርትራን ግንባርን ኣቶ ዓብደላ ጃብር ሓላፊ ውድባዊ ጉዳያት ህግደፍ ኣምባሳደር ሃገረ ኤርትራ ኣቶ ተስፋሚካኤ ገራህቱን ዓበይቲ ዓድን መራሕቲ ሃይማኖትን ኣብ ዝተረኽብሉ ኣብ ኣደራሽ ሓደ ልቢ ብዉዕዉዕ መንፈስ ተኸፊቱ።**

**ኣቦ መንበር ሽማግለ መኸተ ዶ/ር በረኸት ፍስሓጽየን ዕንቋዕ ብደሓን መጻእኩም ድሕሪ ምባል፥ እዚ ፈስቲቫል እዚ ነዞም ካብ ኤርትራ ወጻኢ እንነብር ኤርትራውያን ብግብርናን ብእምነትናን ካብቲ ኣብ ውሽጢ ዘሎ ሕብረተሰብና ዘይንፍለ ምዃንና እነረጋግጸሉ፥ ነዞም ኣብ ወጻኢ ተወሊዶም ዝዓብዩ ዘለዉ ደቅና ድማ ክብርታትና እንገልጸሉን እነውርሰሉን ጽቡቕ ኣጋጣሚ እዩ ኢሉ።**

**ኣብዚ ናይ ሎሚ ዓመት ፈስቲቫል ኤርትራ ብሪጣንያ ልዕሊ ኹሉ ኣተኩሮ ተጌሩሉ ዘሎ፥ ኣብ ቆልዑን መንእሰያትን ስድራቤትን ዝጠመቱ መደባት እዮም።**

**ፈስቲቫል ኤርትራ ብሪጣንያ ቀዳም 4 ሓምለ ወግዓዊ መኽፈትን ምስቃል ባንዴራ ኤርትራን ኣብ ቀጽሪ ፈስቲቫል - ንኹሎም ተሳተፍቲ ቆልዑን መንእሰያትን ዓበይትን ዘሳትፍ ዝተፋላለዩ መደባት፥ ስነጥበብን ምርኢትን መነባብሮን ልምድን ሹድሽተ ዞባታት፥ ባይቶ ኣሰርን መደብ ስፖርትን ሰሚናር ብላዕለዋይ ልኡኽ ኤርትራን ኣስተምህሮን ዘተን መንእሰያት፥ ምርኢት ቁንጅናን ባህላዊ ጸወታን ንህዝቢ ክሳብ ሰንበት 5 ሓምለ ክፉት ክኸውን እዩ።**

**ዜና ማዕከል ፈስቲቫል ኤርትራ**

**ዓውት ንሓፋሽ!**